ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
الوحدة الإرتريه للتغير الديموقراطي
ERITREAN UNITY FOR DEMOCRATIC CHANGE

## ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ

ምእንቲ ልኡላውነት ሃገርናን ክብርን መሰልን ህዝብናን ዝተበገሰ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እነሆ 59 ዓመታት ኣቑጺሩ። ብሰንኪ ሕመቕናን ዘይብቕዓትናን ካብ ዝግቦኦ ንላዕሊ ግዜ ዝወሰደን ኣሻሓት መስዋእቲ ዘኽፈለናን እኳ እንተኾነ ሃገራዊ ነጻነትና ግን ድሕሪ 30 መረርቲ ዓመታት ተረጋጊጹ እዩ። ሓደ ምዕራፍ ኣኽቲሙ ናብቲ ካላኣይ ምዕራፍ ጉዕዞ ደሞክራስን ምዕብልናን ሀ ! ኢልና ካብ ንጅምር ድማ እነሆ ማዕረቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝወሰደልና ግዜ ክመዓራረ ሓደ ዓመት ጥራሕ ተሪፍዎ ኣሎ።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ ኣእሙሮ ኩሉ ኤርትራዊ ዝነበረ ትጽቢትን ኣብ ግብሪ ዝተራእየ ክውንነትን ግን ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ኣለዎ። ንምንጽጻሩ ዝኣክል ከኣ ገለ ምባል ዝከኣል ይመስለና።

- ድሕሪ ነጻነት ባህርያዊ ሞት እምበር፡ ከምዚ ናይ ሕጂ ኣብ ባሕርን ጣሕርን መስዋእቲ ክበዝሕ ኣይተጸበናን።
- ድሕሪ ነጻነት ዝተሰደደ ክምለስ እምበር፡ ነቶም ኣቐዲሞም ዝተሰደዱ ከነርክቦም ኣይተመነናን።
- ድሕሪ ነጻነት ዝወለድናዮም ሓቑፍና ከነዕብዮም ዘዕበናዮም ከኣ ክናብዩና እምበር፡ መንግስቲ ካብ ሕቑፎና መንጢሉ ንሳዋ ወሲዱ ከዕርቦም ኣይተጸበናን፡
- ጭዋ ባህሊ ህዝብና መሰረት ዝገበረ ቀጻሊ ሓባራዊ ምዕባለ ከነረጋግጽ እምበር፡ ማሕበራዊ ፈትልና ተበታቲኹ ኣብ ሕድሕድና ክንበላላዕን ክንካሰስን ኣይተጸበናን።
- ብትምህርቲ ማዕቢልና ሃገርና ክንሃንጽ እምበር፡ እታ እንኮ ዩኒቨርሲቲና ተዓጽያ ክትዓኑ፡ ጎደናታት ከተማታትና'ውን ክባድም ኣይተጸበናን
- ብሉጽ ኤርትራዊ ሓንጎል ተዋዳዲሩ ስልጣን ክሕዝ እሞ እንተማእሚኡና ክቕጽል እንተዘይዓጂቡና ከኣ ብድሌና ከንቅይሮ መራሒ ከነምጽእ እምበር፡ ኣብ ልዕሌና ተወጢሑ ከም ናይ መሸጣ እቕሓ ከምድላዩ ዝገብረና መራሒ ከነምጽእ ኢልና ኣይተቓለስናን።

እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን እዚ ኩሉ እናረኣና ካብ ምሕዛን ንላዕሊ ነቲ ስርዓት ንምእላይ ዝገበርናዮ ዓቢ ነገር ስለ ዘየለ ጥራሕ እዩ። ንሱ ጥራሕ ግን ኣይኮነን፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ማእለያ ዘይብሉ ኣበሳ ዘውረደ ስርዓት ገና "ንሕና ንሱ - ንሱ ንሕና" ዝብሉ ዝኑባት ምህላዎም እዩ። ግን ከኣ እዚ ብጣዕሚ ዘሕዝን እኳ እንተኾነ ካብ ጎይቶትኩም ነጻ ኮይንኩም ኣለኹም ተባሂሎም ነጻ ዝተለቐቑ ጊሎት (ባራዩ) ካልእ ዓለም ስለ ዘይፈልጡ ብድሌቶም ናብ ጎይቶቶም ዝምለሱ እውን ከምዝነበሩ ብታሪኽ ስለ ንፈልጥ ብዙሕ ዝገርመና ኣይኮነን። የግዳስ ነዞም ሰብ "ንሕና-ንሱ" ኤርትራ ካልእ ዝሓሸ ሰብ ከምዘለዋ ከነርእዮም እንተኺኢልና ዝሓለፈ ጉዕዞኦም ከጣዕሶም ከምዝኽእል ምሕሳብ ጥራሕ እዩ ዝሓይሽ።

ስደትናን መከራናን ክንድዚ ክሓስምን ክነውሕን ዝገበሮ ቀንዲ ምኽንያት ንሕና ስለ ዝሓመቕና ኢና ኢልና እንተተበጊስና ሽግርና ኣብ ምፍታሕ ኣዎንታዊ ተራ ክህልዎ እዩ።  ከመይ'ሲ  ካብ ሰማይ ዝወረደ እዩ ወይ ናይ ዕድል ነገር እዩ ኢልና እንተሓሲብና ዝሓሸ ዕድል ክሳብ ዝወርደልና ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና ምጽባይ ጥራሕ'ዩ ዝኸውን ምርጫና። እዚ ኣቲናዮ ዘለና ኩነታት ብሕመቕና ዝመጸ እዩ፡ ብመንፍዓትና ከኣ ክቕየር ይኽእል እዩ ኢልና መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ካብ ምብጋስ ወጻኢ ካልእ ዝሓይሽ መማረጺ የለን። ንሕና ሃገራዊ በዓላትና ኣብ ስደት ከነሕልፎ ዝተፈረድና ኣይኮንናን። ስደትና ሓጺሩ ፍትሓውን ደሞክርሲያውን መንግስቲ ክንሃንጽ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሓድነት ጉዕዞ ተጠናኺሩ ክቕጽል ኣለዎ - ንዕኡ ዝግባእ ኩሉ ጻዕርታት ክንከፍል እውን ድልዋት ኢና።

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

ሓደ መስከረም ዘለኣለም ከቢራ ትንበር

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤስደለ

ባሕቲ መስከረም 2020